# ሓበሬታ ብትግርኛ

ብዓል መዚ ምርጫ ኲንስላንድ (Electoral Commission of Queensland (ECQ)) ኣብ ኲንስላንድ ምርጫ ክፍሊ ሃገርን ምርጫ ከባብያዊ መንግስትን ምርጫ ኢንዱስትሪን የካይድ እዩ።

ዝመጽእ ዘሎ ምርጫ ከባብያዊ መንግስቲ ኣብ 28 መጋቢት 2020 ክካየድ እዩ።

ዝመጽእ ዘሎ ምርጫ ክፍሊ ሃገር ኣብ 31 ጥቅምቲ 2020 ክካየድ እዩ።

## ክምዝገብ ኣሎኒ ድዩ፧

እዚ ዝስዕብ ነገራት ዘማላእካ እንተ ኼንካ ኣብ ምርጫ ክፍሊ ሃገርን ከባብያዊ መንግስትን ፌደራላዊ መንግስትን ክትምዝገብን ክትሳተፍን ግዴታ እዩ፦

- ኣውስትራልያዊ ዜጋ ወይ ብቑዕ ተገዛኢ ብሪጣንያ እንተ ኼንካ
- ዕድሜኻ 18 ወይ ልዕሊኡ እንተ ኾይኑ
- ኣብቲ እትነብረሉ ዘሎኻ ኣድራሻ እንተ ወሓደ ንሓደ ወርሒ ተቐሚጥካ እንተ ኼንካ።

ብተወሳኺ፡ 16 ወይ 17 ዓመት ዝገበሩ ዘበሉ፡ ተመዝጊቦም ክጸንሑ፡ 18 ዓመት ምስ መልኡ ድማ ምሉእ ናይ ድምጺ ምሃብ መሰል ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

## ብኸመይ ከም እትምዝገብ

[ብእንግሊዝኛ እተዳለወ ፎርም](#) ብምምላእ ወይ ድማ ኣብ ኢንተርነት ኣብ [ወብሳይት](#) ብዓል መዚ ምርጫ ኣውስትራልያ ብምእታው ንኽትመርጽ ክትምዝገብ ትኽእል ኢኻ።

## ኣብ እዋን ምርጫ ብኸመይ ከመርጽ ይኽእል፧

ኣብ መዓልቲ ምርጫ ናብ ካልእ ሃገር እንተ ገሺካ እውን ድምጺ ክትህበሉ እትኽእል ብዙሕ መገድታት ኣሎ። እዚ ኸኣ፡ ኣቐዲምካ ምምራጽን (pre-poll) ኣብ መዓልቲ ምርጫ ኣብ ነቑጣ ምርጫ ምኻድን የጠቓልል፣ ብቕዓት ዘለዎም መረጽቲ ድማ ብጶስጣ ወይ ብተሌፎን ክመርጹ ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ ምርጫ ኲንስላንድ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብቲ ብብዙሕ ቋንቋታት እተዳለወ ናይ ECQ [መምርሒ ምርጫ](#) ክርከብ ይከኣል እዩ።

## ኣስተርጓሚ የድልየካ ድዩ፧

ተወሳኺ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብ 0730821428 ብምድዋል ንECQ ብኣስተጓሚ ጌርካ ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

## በዚ ርኸበና

ECQ ኣድራሻኡ Level 20, 1 Eagle Street, Brisbane QLD 4000 እዩ።

ንECQ ንምርካብ ናብ 1300 881 665 ክትድውል፡ ኢመይል ናብ ecq@ecq.qld.gov.au ክትሰድድ፡ ፋክስ ድማ ናብ (07) 3036 5776 ክትልእኽ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ ካልእ ሃገር እንተ ኣሊኻ ድማ ናብ +617 3035 8103 ደውለልና።